**May 18 - 2011**

# ኣገዳሲ ህዝባዊ ጻውዒት ንኹሉ ኤርትራዊ ተቐማጦ ቶሮንቶን ከባቢኣን

ናይ ህዝቢ ሽማግለ ፖለቲካዊ ጉዳያት ቶሮንቶን ከባቢኣን ነቲ ኣብ'ዚ ዝመጽእ ዘሎ ጉባኤ ዝዝተየሉ ንድፊ ሰነዳት ናብ ህዝቢ ንምይይጥ ከተውርዶ ኢያ ። እዚ ምይይጥ ንድፊ ሰንዳት'ዚ ንኹሉ ኤርትራዊ ደላይ ለውጢ ዝኾነ ከምኡ ድማ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ኣረኣእያን እምነትን ዘለዎ ዝምልከት ኢዩ ። ዝተወደበን ዘይተወደበን ፡ ሲቪል ፡ መራሕቲ ሃይማኖት ፡ ደቂ ኣንስትዮ ፡ መንእሰያት ፡ ምሁራት ኮታ ኩሉ ኣካል ሕብረት ሰብና ዝሳተፎን ብነጻ ሓሳባቱ ዝገልጸሉን ኣኼባታት ኢዩ ። ስለዚ ኣብዚ ኮምሽን ዘዳለዎ ምይይጥ ንድፊ ሰነዳት ጉባኤ ዝተሳተፉን ዝተመዝገቡን ጥራይ ኢዮም ንጉባኤ ዝሓጽዩን ዝሕጸዩን ፡ ዝመርጹን ዝምረጹን ። እዚ ምግባር ናይ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ መሰልን ግዴታን ሓላፍነትን ምዃኑ ድማ ነተሓሳስብ ። እዚ ዘየማልኡ ኣብ መስርሕ ሕጸ ይኹን ምርጫ ከምዘይሳተፉ በዚ ኣጋጣሚ ኣቐዲምና ንሕብር ። ነዚ ዝምልከት ኣኼባታት ዝካየደሉ ቦታን ግዜን ከምዚ ዝስዕብ እንሆ፡

እዚ ኣኼባታት እዚ ክሳብ ምይይጥ ንድፊ ሰነዳት ዝውዳእ ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ ሰንበት ድሕሪ ቀትሪ ክካየድ ኢዩ ። ብግዜና ጀሚርና ብግዜና ስለንውድእ ኣብ ሰዓትኩም ክትርከቡ ነተሓሳስብ ። ኣብ መጠረሻ እዚ መልእኽቲ'ዚ ዝበጽሓካ/ዝበጽሓኪ ናብ እትፈልጥዎም ኤርትራውያን ደቂ ሃገር ክተመሓላልፍዎ ወይ ክትልእኽዎ ብትሕትና ንላበው ።

**ቦታ ኣኼባ ፤ 579 St. Clair Ave. West**

**Eritrean Canadian Community Center**

**ዕለት ፤ June 5 - 2011**

**ግዜ ፤ 4PM – 8PM**

**ብደሓን ምጹ**

ናይ ህዝቢ ሽማግለ ፖለቲካዊ ጉዳያት

ቶሮንቶን ከባቢኣን

**ንዝያዳ ሓበሬታ በዚ ዝስዕብ e-mail ተራኸቡና**

Pcnctoronto_p@ymail.com